# ፖሊካዊ ቻርተር

## ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን

*5 መጋቢት 2005*

# <u>ፖሊቲካዊ ቻርተር</u>
# <u>ኤርትራዊ ዲሞክርሲያዊ ኪዳን</u>

<u>*መእተዊ፥-*</u>

*ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ሰላማውን ዕጥቃውን ቃልሲ ዘካየደ ሓርነትን ክብሩን ብምርግጋጽ፣ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንቕድሚት ብምምራሽ ምዕብልና ናይ ምምዝጋብ ባህጊ ስለዝነበሮ እዩ። ነዞም ሽቶታት እዚኣቶም ንምርግጋጽ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ባዕዳዊ ጎበጣ ካብ ሃገሩ ከምዝለቅቕ ገይሩ፣ ሃገራዊ ናጻነት ብምዕቃብ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊቡ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣሰጋገሮ። እሱ ድማ ናጻ ሃገርን ሓራ ዜጋን ምህናጽ ዘጠቓለለ ነበረ።*

*ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ሰላምን ዲሞክራስን ፍትሕን ሓርነትን ማሕበራዊ ርግኣትን ዝሰረቱ ኣብ ጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎኡ ንዘደልደሎ ሃገራዊ ሕድነቱን ተመርኲሱ፣ ኣብ ናይ ህንጸት ግጥምያ ኽኣቱ ድልው ምንባሩ ርጉጽ እዩ። ይኹን እምበር፣ እቲ ነዊሕን ጉዕዞን ዓብይ መስዋእትን ልዑል ድሌታትን ህዝብና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምትካል ተኾልፈ። እዚ፣ ኸኣ ተቓላሳይ ህዝብና ዘይተጸበዮ ዓቢ መስደምም ተረኽቦ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ምስቲ ሓርነታዊ ባህግታቱን ክብሩን ተራጸመ። እቲ እተመስረተ ስርዓት ህዝብና ኣብ ናጻ ሃገሩ ንኸኽብረሉ ዝግብኦ መሰላት ብስሩ ተመንዚዩ። ኣብ መቕድም ናይቶም በቲ ስርዓ ት ዝተፈጸሙ ግህሰታት ድማ ህዝብና ኣብ ክሊ ውሽጣዊ ሰላም ናይ ሎምን መጻእን ዕድሉ ኽኽውስን ዘለዎ ፖለቲካዊ መሰል ምእጋድ እዩ። ከምኡ እውን ኤርትራ ኣብዚ እዋንዝን ኣብ መጻእን ነብሳ ንምህናጽ ብድረጃ ዞባን ዓለም ለኸን ብሰላም ኽኽትነብር ዘሎ ተደላይነት ዓቢ ምኻኑ ክንሱ ህዝብና ተቐይዱ ይርከብ።*

*ፖለቲካዊ ስልጣን ተቖጻጺሩ ሃገራዊ ቃልሲ ዘዕቔቦም መኽሰባት ንምግባት ገዛኢ ስርዓት ህግደፍ መሬት ኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ግጥምያ ታሪኻዊ እጃም ዝነበሮም ፖለቲካዊ ሓይልታት ክእግድ ጀመረ። ናይ መላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ብምጭፍላቕ ኣብ ምልኪ ሓደ ሰብ ዝተጠቓለለ ፍጹም ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተኸለ። ብውሽጥን ብደገን ብዝተኸተሎም መዕ ነውቲ ፖሊሲታት ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ምስ ኣሳጠሐ ኣብ ውሽጢ ገዛኢ ሰልፊ ንዝተኸስቱ ናይ ምእራምን ለውጥን ሕቶታት ከይተረፈ ብዓመጽ እዩ ዝመለሰ።*

*ኣብዚ ግዜ እዚ፣ ድሕሪ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ናጽነት ኤርትራ፣ ፖለቲካዊ ምርኢት ኤርትራ ምስ እንዕዘብ ነዞም ዝስዕቡ ኣቐንዘውቲ ሓቅታት ጎሊሆም ይረኣዩ። ንሳቶም ድማ ምድኻም ሃገራዊ ሓድነት፤ ቅዋማዊ ትካላትን፣ ግዝኣተ ሕግን ስለዘየኾሩ ግህሰት መሰላት ደቂ ሰብ ብኣዚዩ ክብ ዝበለ ደርጃ ይፍጸም ምህላዉ፣ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገር ስርዓቱ ንዘከላኸሉ ናይ ጭቆና ትካላት ንምህናጽ ይባኽን ምህላዉ፤ ንዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንሓደጋ ዘሳጥሑ ውግኣት ምጽሕታሩ ቀጻሊ ምኻኑ፤ ህዝቢ ኤርትራ ደሙ ዘፍሰሰሉን ዝተሰወኣሉን መሬቱ ራሕሪሑ ንስደት ተሳጢሑ ምህላዉ፤ ከምኡ እውን ከም ውጽኢት ናይዚ መኻኒ ስርዓት ዝፍጽሞ ግፍዕታትን ዝዘርገሐ ብልሽውናን ጥዑያት ናይ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ውርሻታት ፈሪሶም፣ ብልሽውና ንስነ-ስርዓትን ማሕበራዊ ባህልን ክትክኡ ምርኣይ ንባህሪ ናይዚ ስርዓት እዚ ንምግንዛብ እኹላት ኣብነታት እዮም።*

*ህዝብና፣ ሓርነቱን ክብሩን ንምርግጋጽን ደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምትእትታውን ዘለዎ ባህጊ ንምትግባር ወትሩ ክቃለስ ድሉው ምኻኑ ሩዱእ እዩ። ነዚ ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ኩነታት ንምቕያር፣ ኩሎም ኣንጻር ኵሎም ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዝቃወሙ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ኣብ ሰፊሕ ጠርናፊ ሃገራዊ ግንባር ክሰመሩ ግድን እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ መላእ ተቓወምቲ ሓይልታት ሰፊሕ ግንባር ስምረት ከኣ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ዙርያኡ ክዓስልን ክቃለስን ብምግባር መዋእል ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ክሓጽር ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካልን ምቹእ ባይታ ይፈጥረሉ። በዚ መልክዕ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ምስ እትምስረት ምስ ከባቢኣን ምስ ዓለምን ብሓፈሻ ዝህልዋ ዝምድናታት ዱልዱል ኰይኑ፣ ዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንምሕላው ትበቅዕ። ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ኣብ ሓባራዊ ጠቕምታት ናይ ምዝማድን ሰረት ምንጻፍ ይከኣል።*

*ምምስራት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ንተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ንምጥርናፍ ዝተወሰደ ታሪኻዊ ተበግሶ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ንኹሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ንምውዳብ ዘቶኻየደ*

ጻዕሪ እዩ። ደሞክራሲያዊ ለውጢ ክነምጽእን ዕላማታትና ክነረጋግጽን ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታትና ዝህሉ ዝምድናታት ብምስራዕ ብብሩህ መልክዑ ንመድረኻዊ መደብ ዕዮ ዘንጸባርቕ ፖለቲካዊ ቻርተር እነሆ።

## ቀዳማይ ዓንቀጽ፡ መበገስታትን መቑሚታትን፡-

ብፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ዝቖመ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነዞም ዝስዕቡ መቑሚታትን መበገሲታትን ከም ሰረቱ ይወስድ።

1. ኣብ እዋን ጅግንነታዊ ቃልሲ ዝሰረጸ ሃገራዊ ሓድነት ምትራር።
2. ብተጋድሎ ህዝቢ ዝተረጋገጸ ልዑላውነትን፡ ሓድነት መሬትን ህዝብን ኤርትራ ምዕቃብ።
3. ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ፍትሕን ማዕርነትን ምርግጋጽ።
4. መትከላት ሓርነት፡ ሃይማኖታዊ፤ ባህላዊ እምነትን፡ ጠቕላል ሓርነትን፡ ብዙሕነት ብሄራትን ሃይማኖታትን ምእማን። ብሄራት ኤርትራ ኣብ መሰረት ማዕርነትን ሕድሕድ ምክብባርን ንጉዳያቶም ባዕላቶም ናይ ምውሳን መሰል ምርግጋጽ። ዜግነት፡ መሰረት ግቡኣትን መሰላትን እዩ።
5. ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ቅዋም፡ እስላም ኣብ ጉዳይ ህይወቶም ንሸሪዓኦም ከተግብሩ መሰል ይህልዎም። ከምኡ እውን ክርስትያንን፡ ባህላውያን ኣመንትን ንሃይማኖታዊ መምርሒታቶምን ያታዊ ሕግታቶምን ከተግብሩ መሰል ይህልዎም።
6. ኵለን ቋንቋታት ኤርትራ ማዕረ እየን። ካብ መንጎ ሃገራውያን ቋንቋታት ኤርትራ ዓረብኛን ትግርኛን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ ኢየን። ብሄራት ኤርትራ ቋንቋታተን ንምምዕባልን ምጥቃምን ዘለውን መሰል የኽብር።
7. ንሰላማዊ ምቅብባል ስልጣን፡ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ዝኣምንን ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብርን ኣብ ሰልፋዊ ብዙሕነት ዝተመስረተ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ተቐቢልካ ንምትካል ምቅላስ።
8. ኣብ ኤርትራ ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓተ-መንግስት ምትካል።
9. ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላት ምኽባርን ምክልኻልን።
10. ምስ ሃገራት ዓለም ብሓፈሻ፡ ምስ ጐረባብቲ ህዝብታትን ሃገራትን ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ሰላምን ምትሕግጋዝን ሕድሕድ ዝምድናታት ምህናጽ። ብኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዕላትን ምምእዛዝ።

## ካልኣይ ዓንቀጽ፡ መድረኽ ቃልሲ ጸረ-ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፡-

1. ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕን፡ ኣብ ክንድኡ ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካልን ይቃለስ።
2. ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ከከም ኵነታቱ ኣድላዪ ኣገባብ ቃልሲ ይጥቀም፡ ንከመይነት ኣፈጻጽማኡ ድማ ንመሪሕነት ይግደፍ።

## ሳልሳይ ዓንቀጽ፡ መሰጋገሪ መድረኽ

ቀዳማይ፡ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ካብ ምልጋስ ህሉው ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክሳብ ብዲሞክራስያዊ መንገዲ እተመርጸ መንግስቲ ዝቌመሉ ዘሎ ግዜ ዘመልክት ኢዩ።

ካልኣይ፡
ግዝያዊ መሰጋገሪ ስልጣን፡

1. ግዝያዊ መንግስቲ፡ ካብ ተቓወምቲ ፖሊቲካዊ ሓይልታትን ይቘውም።
2. ዕደመ ግዝያዊ መንግስቲ ሓደ ዓመት ይኸውን።

ሳልሳይ፡ ዕማማት ግዝያዊ መንግስቲ

1. ኣብ መላእ ሃገረ-ኤርትራ ርግኣትን ሰላም ንምስፋን ይነጥፍ።
2. ናይ ፖሊቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ይፈትሕ።

3. ንሓርነታት ዝቕይድ ሕግታት ይስርዝ።
4. ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት ንምግባር ይዓዪ።

<u>ራብዓይ፡ ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት</u>

ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት፡ ኹሉ ፖሊቲካዊ ሓይልታትን ንጽፍሕታት ሕብረተ-ሰብን ኤርትራ ዝውክሉ ክፍልታትን ዝዋርንፍ ኢዩ።

<u>ሓምሻይ፡ ዕማማት ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት፡</u>

1. መሰጋገሪ ቻርተር የጽድቕ
2. ንሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዝውክሉ፡ ሃገራዊ መሰጋገሪ ባይቶን የቕውም።
3. ናይ መሰጋገሪ መደረኽ ናይ ግዜ ሕጋውነት ይውስን።

<u>ሻድሻይ፡ ዕማማት መሰጋገሪ ባይቶ፡</u>

1. መሰረታዊ ሓርነታትን ዘነጽር ሕግታት ይሕንጽጽ።
2. ንፖሊቲካዊ ሰልፍታትን፡ ንምርጫታትን ዝገዝኡ ሕግታት፡ ብክኢላታት ኣካላትን ሽማግለታትን ተጸኒዖም ዝሕንጸጹ መደብ ይሰርዕ።
3. መሰጋገሪ መንግስቲ የቕውም።
4. ኣብ ውሳኔታት ዋዕላ ሃገራዊ ስኒትን ውሳኔታቱን ብምምርኳስ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ይከታተልን ይቈጻጸርን።

<u>ሻብዓይ፡ ዕማማት መሰጋገሪ መንግስቲ፡</u>

1. ዋዕላ ሃገራዊ ስኒትን መሰጋገሪ ባይቶን ብዘጽደቖ መደባትን መምርሒታትን ንሃገር የመሓድር።
2. ኮሚስዮን ቅዋም የቕውም።
3. ናጻ ኮሚስዮን ጠቕላላ ምርጫታት የቕውም
4. ጠቕላላ ናይ ህዝቢ ምቕጻር ዝካየደሉ መደብ ይሰርዕን ይፍጽምን።
5. ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ንምምላስን ንምጥያስን ይሰርሕ።

<u>ሻምናይ፡ ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ</u>

ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ ክልተ ዓመት ይኸውን። ዕድሚኡ ምስ ኣብቅዐ፡ ስልጣን ናብቲ ዝተመርጸ መንግስቲ የረክብ።

## <u>ራብዓይ ዓንቀጽ፡</u>
## <u>ሓፈሻዊ ጉዳያት</u>

1- ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት ሓጋጊ መሰጋገሪ ስልጣን ብምቓም ሓላፍነቱ ይዛዝም።
2- ሓፈሻዊ ምርጫታት ክሳብ ዝካየድን፡ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ባይቶ ክሳብ ዝቐውምን፡ ቀዋሚ ቅዋም ክሳብ ዝጸድቕን ሓጋግን ፈራድን ስልጣናት ጐኒ-ንጐኒ መሰጋገሪ መንግስቲ ዕ ማማቶም እናፈጸሙ ይጸንሑ።
3- ማእከላይ መሪሕነት ኪዳን ብዛዕባ መሰጋገሪ መድረኽ ዝርዝር ሰነዳት የዳሉ።
4- እዚ ቻርተር እዚ ንምምሕያሹ መሰልን ሓላፍነትን ዘሎዎ ማእከላይ መሪሕነት ጥራይ ኢዩ።

///////////////